# ፖለቲካዊ ምንዝርና

ውልደቱ ፖለቲካዊ ድሕረት ሚዛኑ በለጽ
መንነት ዘይብሉ ህይወቱ ዝመርሕ ብሎኽመጽመጽ
ብረሃጽ ካልኦት ዝነብር ከይበለ ሓጎጽጎጽ
ፍትሒ ዘይለይቱ ዘመሓድር ብሕረድ ቁረጽ
ሓባራውነት ዘይመትከሉ ኣገልጊልካ ቅበጽ።

ፖለቲካዊ ምንዝርና….

ዝተፈላለየ ሕብረ ቀለማት ዝለብስ
ኣልቦ መትከል ብስምዒት ዝኹንን ዝውድስ
ብግዝያውነት ቃል ኪዳን ዝኣስር፥ ብዘይ ምኽንያት ዘፍርስ
ካብ መሬት ርሒቑ ኣብ ሰማይ ዝሓርስ
ቀዲሙ ሃሪሙ ቀዲሙ ዝኸስስ
ንእሽቶ ሰሪሑ ዓቢ ዝኹልስ
ስኽፍ ዘይብሎ ክኸይድ ክምለስ።

ፖለቲካዊ ምንዝርና…….

ቃሉ ከም ዘኽብር ዝኣቱ መብጸዓ
ብቐሊል ዝጥበር ከም ህጻን ቆልዓ
ውዑል ዘይብሉ ዝግዛሕ ብረብሓ
መንነቱ ዝሸይጥ ከም ተራ ኣቕሓ።

ፖለቲካዊ ምንዝርና…..

ፍልስፍናኡ ሓሶት ፍርያቱ ጥልመት
ንህዝቢ ንሕጊ ረጊጹ ናብ ገንዘብ ዝጥምት
ንህዝቡ ንዒቑ ብካልኦት ዝንየት
ጎይቶት እንክረክብ ዝረክብ ርውየት።

ፖለቲካዊ ምንዝርና …..

ቅኑዕ መትከል ዘይብሉ ብመትከል ዝጀሃር

ሓሚሙ እናተሳቐየ ብፖለቲካ ቀሓር

ንህዝቢ እናዘርኣሉ ሕማም ደሓር

መሲሉ ይቕርብ ሓድሽ ፈቃር።

ፖለቲካዊ ምንዝርና……

ራእይ የብሉ ኣየስምዕ ኣየድምዕ

ዓቕሚ ሰብ ኣይሃንጽ መሬት ኣየልምዕ

ጭካነ ሕላገቱ መሳኪን ዘንብዕ

ብተዘዋዋሪ ብደም ሰብ ዘጋይጽ ስጋ ሰብ ዝበልዕ።

ስለዚ…

ባህሪ ቅርጽን ተግባርን ፖለቲካዊ ምንዝርና

እንታይ ይመስል ክንፈልጥ እንተደሊና

ርሑቕ ከይተጎዓዝና ጽሑፋት ከየገላበጥና

ናብ ዘቤታዊ ጸላኢና ጉጅለ ህግደፍ እንተጠሚትና

ብሓሳብ ዘይኮነ ብተግባር ምሉእ መልሲ ኣብ ቤትና።

ካብ ዛራ ማና

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 02-05-2018